# ንጽልኢ ክትጸወሮ ኣየድልየካን’ዩ።



# 6 ብዛዕባ ጸብጻብ ገበን ጽልኢ ዝምልከት ሓቅታት

ፖሊስ ኖቲንግሃምሻየርን ምምሕዳር ከባቢን ንገበን ጽልእን ፍጻመታት ጽልእን ብዕቱብ ይወስድዎ።

**ንምሕባር፡**

**ህጹጽ ኩነታት -** 999 ደውሉ
**ዘይ - ህጹጽ ኩነታት - ናብ 101 ደውሉ።**
**ኦንላይን -**
www.nottinahamshire.police.uk/hatecrime ወይ
www.nottinahamcity.gov.uk/hatecrime

ፖሊስ ኖቲንግሃምሻየር QR ኮድ

ምምሕዳር ከተማ ኖቲንግሃም QR ኮድ

**እቲ ዘሎ ሓገዝ፡**

ኖቲንግሃምሻየር Victim CARE ንኹሎም ነበርቲ ኖቲንግሃምን ኖቲንግሃምሻየርን ሓላፊት ማሕበረሰባት ሓዊሱ ንውልቃዊ ድሌታት ዝተመጣጠነ ነጻ፣ ናጻን ምስጢራዊን ደገፍ ይህብ።
**ናይ ሓገዝ መስመር፡** 0800 304 7575 ወይ
www.nottsvictimcare.org.uk

ዝኾነ ሰብ ኣብ ህጹጽ ወይ ኣጸጋሚ ኩነታት ምስ ፖሊስ ንምርድዳእ ከጸግሞ ዝኽእል ስንክልና ወይ ሕማም ዘለዎ ንፔጋሰስ ስኬም ርእ ክምዝገብ ይኽእል።
www.nottinghamshire.police.uk/pegasus

PEGASUS
ሓምለ 2025

**1. ኩሎም ናይ ጽልኢ ገበንን ናይ ጽልኢ ፍጻመ ጸብጻባትን ኣገደስቲ እዮም።**

**2. ጽልኢ ንምሕባር እንግሊዝኛ ክትዛረብ ኣየድልየካን’ዩ።**

ፖሊስ ኖቲንግሃምሻየርን ምምሕዳራት ከባብን ንናይ ጽልኢ ፍጻመታት ሓዊሱ ናይ ጽልኢ ገበናት ብዕቱብ ይወስድዎ።
ጸብጻብ ክትህቡና ከለኹም ኩሉ ግዜ ስጉምቲ ንወስድ ኢና። እቲ ፍጻመ ዝኾነ ይኹን ይኹን፡ ክንምዝግቦ ኢና፡ ናይ ጽልኢ ገበን ሓደጋ ገምጋም ክንገብርን ናይ ግዳይ ደገፍ ክንህብን ኢና።

ዋላ’ውን እቲ ገበነኛ መን ምዃኑ እንተዘይፈለጥካ ወይ መርትዖ እንተዘይብልካ ጽልኢ ምሕባር ኣገዳሲ’ዩ። ናይ ጽልኢ ገበን ብምሕባር፡ ኽምዚ ትኽእል ኢኻ፤

- ናይ ጽልኢ ገበን ከምዘይትጸወር መልእኽቲ ስደድ
- ፖሊስ ዋላ’ውን ብዛዕባ’ቲ ፍጻመ ተወሳኺ ስጉምቲ ክወስዱ እንተዘይክኢሎም ምርድዳእ ክሃንጹ ሓግዙ
- ፖሊስን ቤት ምኽርን ጸጋታት ኣብቲ ዝያዳ ዘድልየሉ ቦታ ከቅንዑ ሓግዙ
- ኣብ ካልኦት ሰባት ከይፍጸም ሓግዙ

ንምሕባር ወይ ሪፖርት ምግባር እውን ዜግነት እንግሊዝ ምዃን ኣየድልየካን እዩ። ፖሊስ ኖቲንግሃምሻየር ኣብ ቴለፎን ከለኻ ኣገልግሎት ተርጓሚ ክህብ ይኽእል እዩ።

ኣየናይ ቋንቋ ከም እትዛረብ ጥራይ እዩ ዘድልየካ - ዓረብኛ፡ ሮማንያ ወዘተ። ኣብ መደበር ፖሊስ ብኣካል ክትሕብር ከለኻ እውን ከምኡ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ብተሌፎን ተርጓሚ ምርካብ ሒደት ደቓይቕ ክወስድ ይኽእል እዩ። በጃኹም በቲ ስቕታ ተስፋ ኣይትቑረጹ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብቲ ግዜ እቲ ተርጓሚ ከይንረክብ ንኽእል ኢና። ከምኡ እንተኾይኑ፡ ሓደ ምስ ተረኽበ ክንረኽበኩም ክንፍትን ኢና።

ጸማምን፡ ምስማዕ ወይ ምዝራብ ጸገም እንተሃልዩካ፡ ንህጹጽ ኣገልግሎት ኤስኤምኤስ ክትምዝገብ ትኽእል ኢኻ። ናብ 999 ‘register’ ኢልካ ጽሓፍ እሞ ነቲ መምርሒታት ተኸተል።

## 3. ኩሉ ግዜ ደገፍ ግዳይ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## 4. ዓመጽ ወይ ከቢድ ገበናት ጥራይ ኣይኮነን ክሕበር ዝኽእል

ናይ ግዳይ ደገፍ ምርካብ መሰልካ እዩ፣ ነዚ ደገፍ ንምርካብ ድማ ገበን ናብ ፖሊስ ክትሕብር ኣየድልየካን እዩ። Victim CARE ዋላ ናብ ፖሊስ እንተዘይሓበርኩም ብነጻ ደገፍ ክህበኩም እዩ። ብቐጥታ ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።
ብዛዕባ ናብ ፖሊስ ጸብጻብ ምቕራብ ሓሳብካ እንተቐይርካ፡ ንሳቶም እውን ነቲ ጸብጻብ ክትገብር ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፡ እቲ ምርጫ ግን ናትካ እዩ።

ንኖቲንግሃምሻየር ቪክቲም ኬር ብነጻ ስልኪ 0800 304 7575 ደውሉ ወይ ናብ መርበብ ሓበሬታኦም ኪዱ፤
www.nottsvictimcare.ora.uk

ናይ ጽልኢ ገበን ማለት ብግዳይ ወይ ካልእ ሰብ ብጽልኢ ወይ ጽልኢ ዝተደፋፍአ ኮይኑ ዝኾነ ይኹን ወንጀላዊ ወይ ፈለላዪ እዩ እዚ ድማ፤

- ዓሌት (ዜግነት፣ ኩነታት ስደት፣ ብሄር ሓዊሱ)
- ስንክልና(ኣካልዊ/ኣእምራዊ)
- ሃይማኖት
- ጾታዊ ዝንባለ
- ናይ ትራንስ መንነት
- ጾዊ ኣፋላላይ
- ካልእ ንኡስ ባህሊ

መልሲ ፖሊስ በቲ ግዳይ ዝኾነ ሰብ ዝምራሕ ክኸውን እዩ። ቅድሚ ስጉምቲ ምውሳዶም ክዛረቡኻ እዮም፣ ንኣብነት ቅድሚ ምስቲ ገበነኛ ምዝራብ።

ናይ ጽልኢ ፍጻመታት እውን ክትሕብር ትኽእል ኢኻ፣ ገበን ዘይተፈጸመሉ ዋላ ይኹን።

## 5. ዋላ ኣብቲ  ናይ ጽልኢ ገበን/ ፍጻመታት ዕላማ ዝተገበረ ጉጅለ እንተዘይኮንካ ውን ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

## 6. ጸብጻባት ብግዳያት ይኹን ብመሰኻኽር ክቕርብ ይኽእል።

ከምኡ ዓይነት ናይ ጽልኢ ገበን/ፍጻመታት ንኸጋጥመካ ምስ ሓደ ፍሉይ ጉጅለ ክትለለ ኣየድልየካን እዩ። ንኣብነት ደቂ ተባዕትዮ ሲክ  ብእስላም ዝጸልኡ ግህሰት ዒላማ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።
ነቶም ኖርማል ጾታ ዝምባለ ዘለዎም ሰባት ዒላማ ናይ ግብረሰዶማውያን ጽልኢ ገበን ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ሓደ እዋን ልዕሊ ሓደ ዓይነት ገበን ጽልኢ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ሂጃብ ዝለበሰት ጓል ኣንስተይቲ እስላሞፎብያን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዘይምፍታው፡ ንዕቀት ወይ ሱር ዝሰደደ ጽልኢን ከጋጥማ ይኽእል እዩ። ከምኡ እንተኾይኑ ፖሊስ ንኹሉ ገበናትን ፍጻሜታትን ክምዝግቦ እዩ።

ፖሊስ ኖቲንግሃምሻየር ንኹሉ ዓይነት ገበናት ጽልኢ ክምርምር እዩ። ከምኡ ውን መንነትካ ከም ትሑዝ ኣይንወስዶን ኢና ንኣብነት ጾታኻ ወይ ሃይማኖትካ።

ንኽትሕብር ናይ ጽልኢ ገበን ባዕልኻ ከጋጥመካ ኣየድልየካን እዩ። ከም ሳልሳይ ኣካል ወይ ምስክር ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። ኣብ ህጹጽ እዋን ናብ 999 ወይ ኣብ ዘይህጹጽ እዋን ናብ 101 ደውሉ። ብመንገዲ እቲ ብኢንተርነት ዝግበር ዕላል እውን ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብመንገዲ fearless.org ወይ Crimestoppers ስሞም ከይተገልጸ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ እንተ ጌርካ፡ ብዛዕባ’ቲ ጉዳይ ሓድሽ ሓበሬታ ኣይክትረክብን ኢኻ። ይኹን’ምበር፡ ፖሊስ ጸጋታቶም ኣብቲ ዝለለዩሉ ቦታታት ንምትኳር ጠቓሚ ሓበሬታ ስለዝኾነ ግና ክምዝግቦ’ዩ። ተዓዘብቲ ዝኾነ ክዕዘብዎ ዝኽእሉ ናይ ጽልኢ ፍጻመታት ክሕብሩ ንላቦ።

ናይ እንግሊዝኛ ናይ ምልክት ቋንቋ ቪድዮ ንምርኣይ፡
‘ገበን ጽልኢ እንታይ እዩ?
በጃኹም ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፤
www.stophateuk.ora/british-sian-language-video-on-what-is-hate-crime/

Tigrinya